# ቀዳምነታት ብዓይኒ ውድዕነት

እዚ ጽሑፍ ኣብ ዓዋተ ዶት ኮም ብኣቶ ሰመረ ሃብተማርያም The Day After:... ብዝብል ኣርእስቲ ብቃንቃ እንግሊዝ ንዝተጻሕፈ መልሲ እዩ።

እቲ ዝዓበየ ጸገም ናይዞም ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ንውሽጣዊ ኩነታት ናይ ሃገርናን ናይቲ ዝመርሕ ዘሎ ውድብኦካይዳን ኣሰራርሓን ወይ ድማኩነታት ብጉቡእን ብቅንዕናን ብውድዕነትን ክርድእዎ ዘይምኽእሎም እዩ። ሓውና ሰመረ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዓሚቕፖለቲካዊ ድስካለ ኣላ ይብል ኣሎ። ኣብ ዓሚቕፖለቲካዊ ድስካለ እትርከብ ሃገር ህልውንኣ ከተረጋግጽን ኣብ ውሽጢዓዲ ድማ ቅሳነትን ርግኣትን ክህልዋ ኣይክእል እዩ። ኤርትራ ድማ ህልውትን ኣብ ኩሉ ዓለማዊ ጉዳያት ተራኣ እትጻወት ዘላ ርግኣት ዘለዋ ህገር እያ።

ሞትነባርን ዘይተርፍን ምኻኑ ኩሉ ህዝቢ ዝርድኦ ሓቂ እዩ። ይትረፍ ከም ህዝባዊ ግንባር ናይ ነዊሕ እዋን ተመክሮ ዘለዎ፡ ብብዙሕጸገማትን ዓዘቕትን ሰጊሩ ዝመጸ፡ ናይ ምዕራብን ምብራቕን ርእሰ ሓያላት ዝሰዓረ፡ መዋጽኡኡን ቀጻልነቱን ከመይ ምኻኑ ኣዳዕዲዑ ዝፈልጥ ስለዝኾነ ብዛዕባ 'ዚ እንተዘይተጨነቕኩም ዝሓሸ እዩ።

ንምኻኑ ኣብ ኤርትራ ተቓዋሚ ዝብሃል ኣሎ ድዩ። እቶም ተቃወምቲ ኢና እትብሉ ነቲ ኣብ ውሽጢዓዲ ዘሎ ህዝቢ ረሲዕኩም ሙሩጻት ቃላት ናይ እንግሊዘኛ ጌርኮም ነንሕድሕድኩም እንተዕለልኩም ምስ ህዝቢ ዘለኹም ኮይኑ ዶ ይስምዓኩም። እቲ እትገብርዎ ናይ ረኣየለይ ፍለጠለት ናይ ሙሁርትምክሕቲ እዩ። ነዞም ከማኹምዉሑዳትሰባት ንምሕጋስ ጉባኤ ወይ ምርጫምግባር ቀዳምነታት ህዝቢ ኤርትራ ወይ ህዝባዊ ግንባር ኣይኮነን።

ብርግጽ እቲ ሎሚእንገብሮ ንናይ ጽባሕ ጉዕዞ ዝውስን እዩ። ትማሊ ብዙሓት ንሜዳ ኤርትራ ገዲፎሞ ክኸዱ እንከለዉ ኩሉእንተዝስዕቦም ሕጂ ብዛዕባ ኤርትራ ኣይምተዛረብናን።ትማልን ሎምንሃገራዊ ኣገልግሎት እንተዘይህሉ ሕጂ'ውን ብዛዕባ ኤርትራ ኣይምተዛረብናን። ኩሉ ግዜ ድማ ኣብ ጣዕሳ ምነበርና። እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ትማልን ሎምን ብኹሉ ሸነኻቱ ሓደ ኣይኮነን ዘሎ። ንረብሓ ሃገርን ከገልግልን ብዝጥዕም ብዙሕ ምምሕያሻት ተጌሩሉ እዩ። ትካላት መንግስቲ ድማ ብዘይ ሰብ ኣይሰርሕን እዩ። ኣብ 'ዚውን ነታ ሃገር ዝመጣጠንኣብ ስራሕ መንግስቲ ዝተዋፈረ ካብ ናይ ስሉስ ዓለም ዝሓሸ ወይ ምስኡ ዝመጣጠንክፍሊት ዝኽፈል ዓቕሚሰብ ኣለዋ። ብግብሪ ክርእ እንከሎ መብዛሕትኡ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብናቱ ሞያን ተቆጺሩን ካልኣይ ስራሕ ዘይሰርሕ ኣዝዩ ውሑድእዩ። ዋላ ኣብ ሰራዊት ዘሎ ገለ ዕረፍቲ ተዋሂብዎ ሓረስታይ ኣመት ሕርሻኡ ወይ ክእለት ዘለዎ ብኽእለቱ ሰሪሑ ይድግፍ እዩ።ኣብ ናይ ግሊ ተቆጺረን ዝሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ ካብቲ ብመንስቲ ዝኽፈለን ዝዋሓደ እየን ዝሰርሓ። እዚ ክፍሊት ብደረጃ ስደት እንተሓሲብካ ሓንጎልካ ክቅበሎ ኣይክእልን ይኸውን። ብደረጃ ድሕነት ሃገር ግን ምስ'ቲ ከቢብዋ ዘሎ ጸገማት ርትዓዊ እዩ።

ጥሮታ ዘይብሉ እንዳ ሰርሑ ይሞቱ ኣለዉ ዝብሃል ሓቂ ኮይኑ ሱሳ ሰብዓ ጌሩ ጥሮታ ምስ ወጸ ዝገብሮ ምስ ሰኣነ ብጭንቀትእዩ ዝመውት።ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ድማክሳብ ዝሞቱዝሰርሑ ብዙሓት እዮም። ሓደ ሰብ ብጹኑዕ እንተሓሚሙኣብ ገዝኡ ኮፍ ይብል ደሞዙ ግን ሕሱብ እይ። ጥሮታ እንተወጺኡ ግን ካብቲ ዝረኽቦ ዝነበረ ዝተሓተ እዩ ዝኽፈል። እቲ ረብሓ ሃገር ግን ክእለት ዘለዎ ክሳብ ብሂወት ንሃገሩ ይገልግላ ምህላዉ እዩ።

ብቀዳምነት እቲ ዘገልግል ዘሎ፡ ኣብ ሃገር ዘሎ ህዝቢን ካብኡ ናብኡ ድማእቲ ትማሊ ሃገር ዘምጽኣን ዘውሓሰን ተጋዳላይን ዋርሳይን ንበይኖም ጥራሕ ዘይኮኑ ሰለስተ ወለዶኦም ዘገልግል በጺሖም ዘለዉ እዮም። ንሕና ድማነብስናን ደቅናን ስድራቤትናን ዋላ ዝኣረጉ ስድራቤትና ናብ ስደት ኣግዒዝናዮም። እቲ ሕማቕ እትብልዎ ዘለኹም ንሳቶም እዮም ዝነብርዎ ዘለዉ። ዝክኣል ነገር እንተሃልዩ ንየያምን ስድራቤቶም ክጥዕሞምክገብርዎ ድሕር ኣይብሉን እዮም። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ሕራይ ምጥያስ እንተተደልዩ እቲ ዝተጣየሰ እንታይ እዩ ክሰርሕ። ንዑኡ ዝበቅዕ ስርሓት ተዳልዩ ድዩ። እንተ ዘይተዳልዩ ኸ ናዓ

ኺድ ተሰደድ ዲና ክንብሎ። ናይ ጎረባብትና ምፍርራሕ ንርእዮ ኣሎና ዝጣየስ ኣጣይስካ ነዚ ዝህነድድ ዘሎ ክንምክቶ 'ኸ ንኽእል ዲና?

ብዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ምውራደኩሉ ወተሃደር ንምኻን ኣይኮነን። ብቁዕ ስልጠና ወሲዱ እቲ ወተሃደር ዘይኮነ ኣብ መንግስታዊ ትካላት እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ብዙሓት ብጥዕናዊ ምኽንያት ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ 27 ዓመት ዝዕድሚኤን ዳርጋ 90 ሚእታዊት ተጣይሰን እየን። እቲ ቀጻሊ ዘይውዳእ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንዳበልካ ምንሻው ሓቕነት የብሉን፡ እቲ ብሓቂ ዘሎ ዘይውዳእ ሓለዋ ሃገር ናብራኻን ምዕባሌ ሃገርካ እንዳኣደላደልካ እዩ። ሳላ ከምኡ ዝኾነ እታ ትማሊ ኤርትራ ክትህሉ ዘይነበራ ሕጂ ኣላ። እታ ትማሊ ብቁጠባ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝደኸመት ዝነበረት ሕጂ ካብ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ኣላ። ብዓቢኡ ድማህዝባ ብዘይፍርሒ ስርቅን ብርግኣት እትነብር ልዕሊ ምዕራባውያን ሃገራት እያ።

እዘም ሰባት ሃገራዊ ሓድነት በዘም ውሑዳትኣብ መራኸቢቡዝሃን ዘለኹም ትግምግምዎስለዘለኹም እዩ። እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ብስኒትን ፍቅርን ኣብ ዓዱን መሬቱን እዩ ዝነብር ዘሎ። መንግስቲ ድማ ህዝቢ ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረክብ ማሕበራዊ ፍትሒ ብጉቡእ ዝስረሓላ ዘላ ሃገር እያ። መልክዕ ኤርትራ ኣብ መንግስትን ሰራዊትን ኣቓውማእቲ ሓድነቱ እንታይ ምኻኑ ክገልጾ ይኽእል። ሓደ ንናቱ ሕብረተሰብ ዋላ ሓንቲ ኣበርክቶ ዘይገበረ ብዛዕባ ምምዕርራይ ክዛረብ ክሓፍር ጥራሕ እዩ ዝግብኦ።

ኣብ ኤርትራ ንቡር ኣነባብራ ንክህሉ ብድሌት ሓደ ወገን ጥራሕ ዝመጽእ ኣይኮነን። ከቢቡና ዘሎ እሾኽ ንዑኡ እንዳበዳህካ ናትካ ንቡርነት እንዳፈጠርካ ምኻድእዩ። ንቡርነት እንዳበልካ ብኻልኦት ቁማር ክትብላዕ ነዚ 'ዶ ክትግዕታ ትርህጻ ዘብል እዩ። ዋላ 'ካ ጸላእትና ኣብ ጸበባ ክንነብር እንተጻዓሩ ቃልስና ግን ካብ ጸበባ ወጺእና ናብ ዝለዓለ ራህዋ እንበጽሓሉ መንገዲ ኢና ዘለና። ራህዋ ድማብጻዕሪ ዝመጽእ እምበር ህያብ ኣይኮነን።

ጉባኤ ምግባር ኣብ ኣድላዪ ዝኾነ እዋን ኣገዳሲ ይኸውን። ኣብ ኣድላይነት ዘብሉ ድማ ኣድላዪ ኣይከውንን። ጉባኤ ንስለ ጉባኤ ምርጫንስለ ምርጫምፍትሒኣይኮነን። እቲ ክግበር ዝግብኦ ቅድመኩነት ኣማሊኡ ኣብ ኣድላዪ ግዜ ኣድላዪ ነገራት ምግባር እዩ። ግን ኣነ እየ ፈላጥ እንዳበልካ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣማኢት ዓመታት ዝወሰደለን ምስርሕ ዲሞክራሲ እንዳራኣኻ ብኮፒ ኤንድ ፐስት ብትምኒት ለውጢ ኣይመጽእን እዩ። ብዝኾነ ኩሉ እቲ ክፉእ ትምኒትኩም ኣብ ኤርትራ ከምዘይርኤ በታ ሓያል ቃል "ቅሰኑ " እንዳበልኩ ጸሓይ ከይዓረበትኩም እታ ዝተወለድኩሙላን ቅድም ዝተቃለስኩሙላን ዓድኹምካብ ጌጋኹም ተማሂርኩም ዓድኹም ብጽሑ እንተኽኢልኩም ድማ ብዓቕምኹምካብ'ቲ ብተግባር ዝረኣኽምዎ ሓግዙ። ብጽልእን ቂምን ዝመጽእ ለውጢየለን።

ግርማይ የማነ